“ንታ ቤት ኣምላኽ ሕነፅዋ ኣነ ከኣ ብኣኣ ኪሕጎስ ኢየ” ሓጌ 1፥8



Please visit our web site
http://www.eparchyofkeren.com

ዝኸበርኩም(ክን) ________________________________

ጸጋ እግዚኣብሔርን በረኸቱን፡ ሓለዋ ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሚካኤልን፡ ምሳኻትኩም(ክን) ይኹን እናበልኩ ሓዋርያዊ ቡራኬ እህበኩም(ክን)። ኣብ ኣመሪካ ዝገበርናዮ ቀዳማይ ዓለም ለኻዊ ጉባኤ ኤጳርቅና ከረን ብጽቡቕ ተዛዚሙ። ንኹሎም ብኣካል ዝተሳተፍኩምን ብመንፈስን ብጸሎትን ዘሰነኹምናን ጻማኹም ካብ እግዚአብሔር ይኹን እንዳበልኩ ብልቢ ነመስግን። ሓደ ካብቲ ኣብቲ ጉባኤ ዝተወስደ ውሳኔ ንርእሰ ኣድባራት ቅዱስ ሚካኤል ከረን ክሳብ እትውዳእ ክንሕግዝ ኣሎና ዚብል ኢዩ። በዚ መሰረት ቀዳማይ ምጽዋት፡ 2010 ከይተወድኤ ዚምጽወት ነፍሲ ወከፍ ገዛ (ስድራ) $500 መባእ ክተወፊ ተወሲኑ። ከማኡ ኣካየድቲ ሽማግለ ነዚ ነገር ዝከታተሉ ተመሪጾም ኣለዉ። ኣድላዪ ውሳኔታት ከመሓላልፉን ውክልና ኪህቡን ምሉእ ሓላፍነት ኣልቢስናዮም ኣሎና እሞ ክትተሓባበርዎም ነማሕጽን።

\+ ኣባ ኪዳነ የዕብዮ
ብጸጋ እግዚኣብሔርን ብሥምረት መንበረ ጴጥሮስን
ጳጳስ ኤጳርቅና ከረን

<u>ኣስማት ኣባላት ሽማግለ 1ይ ጉባኤ (1ይ ኮፈረንስ)</u>

ዶ/ር ኣሚነ ኪዳነ፡ ኣስፍሃ ወልዱ፡ ግንቦት ተስፋሚካኤል፡ ተኽለሃይማኖት ብርሃነ፡ ኣግኣዚት ስዩም፡ ሓምድ ፋደጋ፡ ኣማኑኤል ዮሰፍ፡ ኤርምያስ መኮነን።